# ዑደት ልኡኽ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ሱዳን

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
**24.03.2005**

ሓው ሑሴን ኽሊፋ፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝመርሖ፡ 4 ካልኦት ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት እተሳፍዎ ልኡኽ ብ16 መጋቢት ኣብ ከሰላ፥ ብ18 መጋቢት ኣብ ፖርትሱዳን፤ ብ 21 መጋቢት ኣብ ገዳርፍ፤ ካብ 22-23 መጋቢት 2005 ድማ ኣብ መደበር ስደተኛታት ኡምጉርጉር፡ ሸገራብን ኪሎ ስታ ዎ ዕ ሽሪንን በሽሓት ዝቑጸር ህዝቢ እተሳተፎ ኣኼባ ኣካይዱ። ቅድም ክብል ብ11 መጋቢት ኣብ ካርቱም ተመሳሳሊ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ምክያዱ ዝዝከር ኢዩ።

ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ጐረባብትናን ዝኾና ሃገራትን ዝፍጽሞ ዘሎ ግፍዕታትን በደልን ብዝርዝር ገሊጹ። ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ናይ 30 ዓመት መሪር ተጋድሎ፡ መሬቱ ካብ መግዛእቲ ሓራ ከምዘውጽእን፤ እንተኾነ ግን፡ ህዝብና እተበገሰሉ መሰረታዊ ዕላማታት ናይ ፍትሕን ሰላምን ማዕርነትን ናጽነት ናይ ኤርትራዊ ዜጋን ጌና ከምዘይተረጋገጸን ዘኪሩ።

ቀጺሉ፡ ምምስራት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ዕላማታቱን ኣብ ቅድሚኡ ዝጽበዮ ዘሎ መኸተን ብዝርዝር ኣብሪሁ። ህዝብ ኤርትራን ፈተውቲ ሃገራትን ኣብ ጐድኒ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ደው ክብሉ ድማ ጸዊዑ።

ኣብ መደምደምታ መንግስትን ህዝብን ሱዳን ብሓፈሻ፡ ኣውራጃ ከሰላን ፖርትሱዳንን ገዳርፍን ድማ ብፍላይ ንህዝብና ክገብርሉ ዝጸንሑን ጌና ውን ዝገብርዎ ዘሎ መስተንድግዶ ኣመጒሱ።

ኣብ ርእሲዚ፡ ካብ ማሕበር ምትእስሳር ገዳይም ተጋደልቲ፡ ካብ መራሕቲ እተፈለዩ ክፍልታት ህዝብና፡ ካብ ወከልቲ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ፡ ካብ ወከልቲ ማሕበር ስደተኛታት ኤርትራ እተላእኩ ናይ ደገፍ መልእኽትታት ተነቢቦም። ከምኡ ውን፡ ወከልቲ ኣማናት ኣል ሙእተመር ኣልወጠኒ (ገዛኢ ሰልፊ ኣብ ሱዳን) ብኣካል ተረኺቦም ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ንህዝቢ ኤርትራን ዘለዎም ጽቡቕ ትምኒት ገሊጾም።

ኣብ ነፍስወከፍ ኣኼባ እተኻየደሉ ቦታ፡ ናይ ሕቶን መልስን ርእይቶን ዕድል ይውሃብ ነይሩ። ልኡኽ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንዝቐረበሉ ሕቶታት ኣዕጋቢ ዝኾነ መልስታት ከምዝሃበሉ ድማ፡ ካብ ተሳተፍቲ ዝተረኽበ ምስክርነት ዘረጋግጾ ኢዩ።

ኣብ መንጐዚ ዕለታትዚ፡ ልኡኽ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ምስ ኣባላት መሪሕነትን ወከልቲ ውድባትን ላዕለዎት ካድራትን፤ ምስ ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን ሽማግለታት ስደተኛታትን፤ ከምኡ ውን ምስ ሰበስልጣን ሱዳን ተራኺቡ ዕላማታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብሪሁ።

ልኡኽ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብፍላይ ዘሕልፍዎ ዘለዉ ኣሰቃቒ ዝኾነ ኵነታት፡ ብቐረባ ተመልኪቱ። ኣውያቶምን ስቅያቶምን ናብ ዘይበጽሖ ቦታ ንምብጻሕን፤ ሽግራቶም ንምቅላልን ዝከኣሎ ክገብር ምዃኑ ውን ተማባጺዑ።